Keren: 26 February 2007
Ref. No. CEK/BP/123/07

ዝኸበርኩም
ካህናት ኤጳርቅና ከረን

ሰላም እግዚኣብሔር ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ምሳኻትኩም ይኹን እናበልኩ ኣብ ዕለታዊ ሓዋርያዊ ኣገልግሎትኩም ኣሳልጦ እምነየልኩም።

ብዕለት 18 የካቲት 2007 ኣብ ዝተገብረ ሓባራዊ ረኪበ ካህናት ሓድሓደ ኣተኩሮ ጥንቃቁን ክንገብረሎም ዘሎና ኣርእስትታት ኣልዒልና ኣብ ዝተዘርዝረብናሉ፡ ነዘን ዝስዕባ ከም መምርሒ ክነተግብረን ኣድላዪ ኮይኑ ስለዝተራእየና ንልእከልኩም ኣሎና።

## ቅዳሴ ሰንበት ብዝርኢ

ብመሰረት ቀኖና 881 ምእመናን ብሰናብትን በዓላትን ቅዳሴ ክሰምዑን ቅዱስ ቍርባን ክቅበሉን ኣለዎም።ከማኡ ኣብ ስርዓተ ኣምልኾ ከይሳተፉ ዝኽልክሎም ነገራት ከይገብሩ ይኽልክል።በዚ መሰረት ካህናት ብሰናብቲ ቊምስናኦም ክርከቡ ሓደራ ንብል።

## ንዋየ ቅድሳት ብዝርኢ

1 ብቊዕን ምዕሩግን ንኣኡ ተባሂሉ ዝተሴርሐ ኵሳኵስቲ ምጥራይ
2 ፃዕዳ መንዲል ንመስተናፅሒ ፅዋዕ ጥራሕ ክንጥቀም ይግባእ።
4 መትሓዚ ወይኒ ጠርሙዝ እንትርፎ "ወይኒ ቅዳሴ" ዝብል ዝኾነ ካልእ ፅሑፍ ወይ ስእሊ ዘይብሉ ክኸውን ይግባእ።

## መንበረ ታቦት ብዝርኢ

1 ብዘይካ መቃርዝን መስቁልንሓደ ዝሕብሩመትሓዝ ዕንባባ ካልእ ነገር ኣይሃሉ።
2 ኣብ ትሕቲ መንበረ ታቦት ዝኾነ ኣቅሓ ክቅመጥ ኣይግባእን፡ መንበረ ምስዋዕ እምበር መኽዘን ኣይኮነን።

## ምስክር ወረቀት ጥምቀትን ካልእን ብዝርኢ

- መንነት ሓታቲ ኣረጋጊፅንካን መዝጊብካን ከምዝወሃብ ምግባር
- ብከመይ ከምዝተዋህቦም ኣብ መዝገብ ምምዝጋብ

**ብዛዕባ መርዓ**፡ብፍላይ ካብ ርሑቕ ንዝመፅኡ ሰብ መርዓ፡ ኪዳን ዘእስር ካህን ቅድሚ ውዱእ ቈፀራ ምሓዝ፡ ነዚ ዝስዕብ ሰነዳት ኪረክብ ኣለዎ፡

## ቅድሚ ሕጂ ከምዘይትመርዓወ/ት ዘረጋግፅ ሰነድ

- ካብ ቆመስ
- ካብ City Clerk (ብሕልፊ ካብ ኣመሪካን ካናድን ዝመፁ)
- ምስክር ወረቀት ጥምቀት/ሜሮን/መጀመርያ ቊርባን
- ግቡእ ትምህርቲ ቅድመ ኪዳን ከምዝተማህረ ዘረጋግፅ (ካብ ቆመሱ/ሳ) ከምፅኡ ይግባእ።

ኣምላኽ ኣብ ሓዋርያዊ ኣግልግሎትኩም ይባርኽኩም።
ምስ ምስጋና
+ ኣባ ኪዳነ የዕብዮ
ጳጳስ ካቶሊካዊ ኤጳርቅና ከረን